ግሉጽነት ዘይብሉ መምህር

ካብ ሕማም ደሐር
ኣይትምህር ኣይትመሃር,



ደቂ ኤረይ ራኢ ጀጋኑ ኣሎኒ ኣነ
ኣይተርፍን ሕድሮም ጋህዲ ክይኮነ
ብጭፍራ ህግደፍ መን ኣሎ ዝቀሰነ
ዊዒሉ ሐዲሩ ክፈደ ዩ እቲ ሕነ,

ጌጋ ክይንደግም
ማዓስ ኢና ንልብም
ክነቅፍ የ ኣይብልን ትም,

ዝበልዔት ከብዲ
ኣይትደልን መዓዲ
ቦታ የብሉን ከሐዲ,

ኤርትራ ብስዉር ዕላማ
ብደቀባት ክይትፈሐ ጸገማ
ዋዕሮ ኣደ ወሊዳ ዝኸቲማ
ብውሽጢ ንብደገይ ተጠሊማ,

ህግደፍ ብተንኮል ይበልጹና
ብቀሊል ይበጽሕዎ ምስጢርና
ሕጂ ክንተዓጻጸፍ ይግባኣና,

ብሱዳንዩ ናብ ነጻነት ዝተበጽሐ
ንድሕነቱ ምልዮናት ክይዘርገሐ
ንለውጢ ሕጂዩ ግዜ ክይነውሐ,

ንደም ዘይብሎም ሃገራዊያንን
ንናይ ደምበ ተቓውሞ ሕማምን
ነዚኦም ሐዲግካ የድሊ ምውሳን,

ውድባት ስምረት ኣብየን ኣይትበሉ
ኣሉላዊያን ኢድ ኣለዎም ኣብ ኩሉ
ብቅልጽም ኤርትራዊያን ክወግሕዩ
ድሕሪ ስዕረት ጭፍራ ኩሉ ክበርህዩ,

መራሕቲ ውድባት ኣይግደም
ገለን ብጌጋ ኣንፈቶም ስሒቶም
ገለን ብኣሉላዊያን  ተላኢኾም
ቃልስና ንድሕሪት ጎቲቶም,

መንዩ መምህር
ክኸውን ዝፍትን ሸሙ ሕቢኡ
ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝተሐብኡ
ክፈላልዩ ብቑጠባ ጅቦኦም መሊኡ
ክይፍርሑ ንህላወ ውድባት ዝጻቡኡ,

መንዳዓት ቃልሲ ሕማም ኩርምቲ
እንዳ ተጋማጠልኩም ካብቲ ናብቲ
ኣናኣኢስኩም ንቀዳምት ተቃለስቲ
ብኸመይ ኣብ ስደት ክትከል መንግስቲ,

*ክልተ ግዜ ከይትዛረቡ*
*ናብ ህዝብኹም ኣቃልቡ*
*ብእዋኑ ኣዚርኩም ሕሰቡ,*

*እቶም ቀሚሽ ኣደይ ሕኩሉኒ*
*እንተ ዘይትጉንጸኒ መን መጽደፈኒ*
*ንበይንኩም እንዳ በላዕኩም ባኒ*
*ኣይትኹኑና ሕማም ኩርምቲ ስኒ,*

*ልሳንኩም ንጉሩሃት ኣታሊላ*
*ቃልሲ ኣይኮነን ዓጺድ መሸላ*
*ገጢመን ምስ ስለያ ጉሒላ*
*ውድባት ኣለዋ መሰዋእቲ ዝኸፈላ,*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ,ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ*
*ብበርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ስዕረት ንጉጅለ ህግደፍን ዓንገልቶምን፡*